ኣውዓላ (+ዓማዓሊ+ቦይሊያ+ኣብርሃም+ኩማኒት+ዓሊሃሃ+ዒንዳኣሕማድ)
ሃብተሚካኤል (+ ኩማኒት)
ጋዳሩማ (+ዖቕባገርግስ+ሃብተማርያም+ዳየለ)
ተስፉት (+ወልዶ+ኣምለኩ+ዕዋልጉማ+ዘረሓንስ+ዲላ+ዘሥላሰ)
ዖቕባት (+ዎና/ኦና ኩማኒት)
ዓዶኣውዓላ (+ዘገርግስ+ስብሓት+ዑማርሩጋገ+ዓሊጡዑም+ዓሊማዓር+ኣርዓዱ)
ተስፉሓንስ(+ወልዱ +ዓዶኣፍርሓ +ኡዱዳ +ዳፍሡሕ +ሙሑር +ዓዶዑማር +ጉራ +ፃዕዳ +ማና +ሓይላ፡ ኣብ ላዓላ ኣቲያ ሀዚ ኣብ ዓዲግራት ካብ ዘለዉ ኣስላም ብዙኃት ደቃ ኢዮም)
ወልደሓንስ+ፃዕዳ+ፃዕሩ+ኩማኒት+ገብረክርስቶስ+ወልደሥላሴ+ ወልዱ+ፋና+ሀብቱ።

3/ <u>ትእዛዝ</u> ቅናፍናን እምባ-ካታይ (ሃዘሞ) ዘለዉ ኣውዓላ፡ ቆራይ፡ ኤልሳዕ፡ ዝበሃሉ ሠለስተ ዓሌትን ሸውዓተ ገናሕትን ፈረየ። ማለት፦
ትእዛዝ
ቲዕ
ክንዲ ቲዕ
ክንዲ ሺሕ
ካታይ - (ግኒ-ባሕራ /ጂን ባሕራ/ እትበሃል ጓል ሹም ዓጋመ ኣኽሓዶም (ገሊኦም ኣውዓሎም ይብልዎ) ኣእቲዩ ቆራይን ኣውዓላን ወለደ። ኣውዓላ ዝፈረዮም ቅናፍና፡ እዳባሽጉንዶ፡ ዓሳምሪ፡ ዓዲ ሰጓኍ፡ እዳ ፈጎራይ፡ ይበሃሉ)
- (ካታይ እንካብ ካልእ ሰበይቲ ከዓ ንኤልሳዕ ወለደ፤ ኤልሳዕ ዝፈረዮም ኣብታ ብስም ካታይ እትጽዋዕ ዘላ ዓዲ እምባ-ካታይ ኣለዉ)
- (ከማኡ'ውን፡ ካታይ - ንዓጋመ ተመሊሱ ካብ ጂን-ባሕራ ዝፈረዮም፦1.ፀረኣንበሳ፣ 2.ምሥማር ኣንበሳ፣ 3.ሓድጊ ኣንበሳ፣ 4.ባሕሪ ኣንበሳ፣ 5.በርበረ ኣንበሳ፣ 6.ትንሡእ ኣንበሳ፣ 7.ግርማ ኣንበሳ፤ ኣብ ገናሕትን ኣብ ከባቢኡን ዝርከቡ "፯ተ ኣንበሳ ገናሕቲ" ዝበሃሉ ኢዮም)።

ሡመ ኣብ ዓዲ ኢሮብ መጀመሪያ ኣብ ካፍና ኢዩ ዝሠፈረ፣ እንካብ ካፍና ናብ ፅራዕ (ጥቓ ዓይጋ) ኣተወ። ንዛ ዓዲ "ፅራዕ" ቢሉ ዝሰመያ ከዓ መዘከርታ ዓደቦኡ (ፅራዕ ናይ ደስኣ-ወምበርታ/ኣብ ክልተ ኣውላዕሎ) ክትኾን ኢሉ ሡመ ከምዝኾነ ይንገር። ሡመ



"ስረካሎ" ኣብ ዝበሃል ቦታ ኣብ ኣራዕ ሞይቱ፡ መቓብሩ'ውን ክሳዕ ሎሚ ኣባኡ ከምዝርከብ ይፍለጥ።

ቅድሚ ሡመን ደቁን ኣብ ዓዲ ኢሮብ ብዙኃት ዓሌታት ሓሊፎሙ ይበሃል። እዚኣቶም ከዓ፡ ምንም'ኳ ርግጽነት ተራእም (ቀደም-ሰዓብ) ብትኽክል እንተዘይተፈልጠ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፡-
1.ኖባ፤ 2.ሶባ፤ 3.በለው፤ 4.ከለው፤ 5.ኣስሓብ/ባ፤ 6.ዒዶ-ኩሉስ፤ 7.ዓሲንዲደይቲች፤ 8.ሓመዶ(ሓመደ)፤ 9.ዶቦዓ(ዶብዓ[31])፤ 10.ጋድ፤ መበል 11 ከዓ ንኢሮብ ኣብቱ ዓዲ ዝጸንሑዎም ካያይታ ኢዮም። ከምዝበሃል ኢሮብ ኣብቱ ዓዲ ካብ ዝሠፈሩ መበል 12 ዓሌት እንክኾኑ፡ ካብ ካልኣት ዝነውሐ ጊዜ ዝጸንሑሉ ኢዮም። "ጋድ" ዝበሃሉ ዓሌት ንቶም ጨርሕታት - ብሳሆ "ካራንሓሲት" - ዝኃደጉ ኢዮም ይበሃል። ጋድ - ክምለሱ ተስፋ ስለዝነበሮም ንብረቶም መሬት ኩዒቶም ቀቢሮም ከምዝኃደጉ ይዝንቶ። ዶቦዓ ግን ተስፋ ቈሪጾም ዓዲ ብምኅዳጎም፡ ከምቱ ቃሉ ዘስምዖ ጠቕሊሎም ብምኻዶም፡ ብዘይካ ኣብ ኅቦታትን ግድምታትን ዘሎ ደላድል ካልእ ዝኃደግዎ ምልክት የለን። ሓደ ሓደ ዘንተውቲ ግን ዶቦዓ'ውን ንብረቶም ኣብ መሬት ቀቢሮም ከምዝገደፉ ይዛረቡ ኢዮም። ሰብ ፀጋ-ዕድመ ከምዘዘንትዉ፡ ዶቦዓ ተስፉ ናይ ምቍራጾም

---

[31] "ደብዓ" "ሓመደ" ዝብል መጸውዕን፡ ዶባዓ (ዶብዓ) ብከመይ ከምዝመጹን ብከመይ ከምዝጠፍኡን ብዝምልከት፦
ኪዳነ ወልድ ክፍሌ፡ <u>መጽሐፈ ሰዋስው፡ ወግስ፡ ወመዝገበ ቃላት ሐዲስ</u>፡ አርቲስቲክ ማተሚያ ቤት፡ አዲስ አበባ ፲፱፻፵፰ ዓ.ም.፡ ገጽ ፲፪ ረአ።
ኪዳነ ወልድ ክፍሌ፡ "ትግሬው አቶ ፍሥሓዬ በታሪኩ እንዲህ ይላል" እናበለ ከም'ዙ ዝስዕብ ጽሒፉ ንረክብ፡-
"ሐመድ" ማለት ዐፈር፡መሬት ማለት ነውና፡ ብዛታቸውን ያስታውቃል። በኋላ የመጡ እነዚህ ኹለቱ፡ ሐመደና ደብዓ ትግርኛ ይናገሩ ነበር፤ በደብዓ ዘመን ከጦርነት ላይ ፯ ዓመት ምሉ ዝናም ሳይዘንም ድርቅ ኹኖ ነበር ይባላል። በዚያ ዘመን ቶባስ የሚባል ኀያል ንጉሥ የዐረብን አገር ጠቅልሎ ይገዛ ነበረና፡ ኢትዮጵያንም አጥቅቷታል፤ ከዚህ የተነሣ፡ ሰዎች ኹሉ ወርቃቸውን እየቀበሩ በያህጉሩ ተሰደዱ፤ ኢትዮጵያም ሰው ስላነሳት ውድማ ኹና ነበር ይላሉ። በደብዓ ዘመን የኾነው መከራና መቅሠፍት፡ ዘመኑ አይታወቅም፤ እንዳልጠይቅም ለጥያቄው ምላሽ የሚሰጥ ታሪክ አዋቂ ሰው ባገር ታጣ፡ ብሎ ይተርካል።"
እዙይ፡ "ዶቦዓ'ዳባን ባሊህ" ("ከም ዘበን ዶብዓ") ንዝብል፡ ኩነታት-ጭንቅን ስደትን ንዝገልፅ ኣዘራርባ መግለፂ ክኾን ይከኣል።